# ጋዜጣዊ መግለጺ

# ዕብዳን ቐጠርን ውጥን ኲናት 2019




ቐጠር፡ ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ካብ መሬት ሱዳን ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ተበግሶ ብዛዕባ ዝነበረት ተጻብኦታት ዝተዋህበ መግለጺታት ዝዝከር’ዩ። ሱዳን ከም መድረኽ ሸበራዊ ሽርሒታት እናጸበበ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎናዮ ዓመት፡ ዕብዳን ቐጠር፡ ኣሽቀልታን ከደምታን እናዓረገ ስለዝኸደ፡ ሓድሽ ውጥን ቐጠር፡ እዚ ስዒቡ ዘሎ 10 ነጥብታት ዝሓዘ ሰነድ’ዩ። እቲ ውጥን፡ ኣብ’ዚ 10 ነጥብታት ከይተሓጽረ፡ ናይ ምብራቕ ሱዳን “ቀቢላዊ ምንቓት” ዘጠቓልል’ውን እዩ። 1. ፖለቲካውያን መራሕቲ ተቓወምቲ ስርዓት ኤርትራ ብምእካብ፡ መሳርያም ኣስሚርካ ምድጋፎም። 2. ኣተኲሮ ናብ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ኣንጻር ስርዓት ኤርትራ ምንዕዓቦም፡ መሳርያም ከኣ ምውዳብ። 3. ካብ እስላማውያን ተቓወምቲ ንስርዓት ኤርትራ ብምጥቃም፡ ኣብ ውሽጦም ሃይማኖታዊ ክብርታት ብምዝራእ/ብምስራጽ፡ ሃይማኖታዊ ቅኒት ምህራም፡ ንኣስላም ኣንጻር ካልኦት ምንዕዓብ። 4. ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ፡ ቀቢላዊ ጽልኢ ምዝራእ። 5. ጽርግያ ኤርትራ፡ ኣንጻር ስርዓት ኤርትራ ተቓውሞታትን ኣድማታትን ምእንቲ ኪገብር፡ ንምድፍፋእ ምፍታን። 6. ንስርዓት ኤርትራ ዝቃወሙ ሓይልታት “ኣል’እኽዋን ኣልሙስሊሚን”፡ ኣብ ዓውዲታት ነተጉትን ምውዳድ ድብያታትን ቅትለት ኣገደስቲ ሰባትን ምስልጣኖም፡ ምድጋፎምን ምድላዎምን። ካብኡ ናብ ኤርትራ ሰዲድካ ስርሒታት ከምዝፍጽሙ ምግባር። 7. ናይ ስርዓት ኤርትራ ጸለውቲ መራሕቲ ምቕንጻል። 8. ኣብ ኤርትራ ዘሎ ቁጠባዊ ከባቢታት ምዕናው። 9.

ተጻባኢ ዜና ምጽዓቕ። 10. ኣብ ውሽጢ ኣህጉራዊ ውድባትን ናይ ወጻኢ ሃገራትን፡ ንፍጹም ስእነት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ሃገረ ኤርትራ ምግዋሕን፡ ሰነዳትን ቪድዮታትን ምስናቖምን። ዓጀብ ዘብል ውጥን! (እቲ ንምብራቓዊ ሱዳን ዝምልከት "ቀቢላዊ ምንቛት"ን ዝርዝራቱን፡ ኣብ ቀጻሊ መግለጺታት ክቐርብ'ዩ።) ዓወት ንሓፋሽ!

ሚኒስትሪ ዜና ኣስመራ - 28 ሕዳር 2019 ጋ